# ኣንስትዮ ብልዕቲ ምክንሻብ (ባህላዊ ናይ ኣንስትዮ ብልዕቲ ምቁራፅ) ከምኡ'ውን ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዘሎ ሕጊ

the women's
the royal women's hospital
victoria australia

**ናይ ኣንስትዮ ብልዕቲ ምክንሻብ 'ባህላዊ ናይ ኣንስትዮ ብልዕቲ ምቁራፅ' ኣብ ኣውስትራሌያ ዘይሕጋዊነት እዩ።**

## ናይ ኣንስትዮ ብልዕቲ ምክንሻብ እንታይ እዩ?

ናይ ኣንስትዮ ብልዕቲ ምክንሻብ ብልምዲ ባህላዊ ኣሰራርሓ እዩ። ሓደሓደ ግዘ'ውን ናይ ኣንስትዮ ብልዕቲ ምቁራፅ (FGC) ብዝብል ይፍለጥ እዩ።. እዚ'ውን ንናይ ርሕሚ ወጻኢ ኣካላት ምቁራጽ ዘካተተ እዩ። ምስ እዚ ሥራሕ ከይዲ ዝተዛመደ ዝርኸብ ጥቕሚ ጥዕና የለን፤ የግዳስ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ርክበ ስጋ ድሌትን ኣብ ምውላድ ፍረ ጥዕና መጕዳእቲ ክፈጥር ይኽእል።

## ስለዙይ በቲ ልምዲ ኣሰራርሓ እቲ ሕጊ እንታይ ይብል?

ብሕጻውንቲ፤ ብኣጓላት ወይኻዓ ብኣንስትዪ ምክንሻብ ምክያድ ዘይሕጋዊነት እዩ።

ኣብዚ ስዝዕብ ልምዳዊ ኣሰራርሓ ሕጋዊ ክወምዘይኾነ፤ ንሓለዋ ጥዕና ብዝብል ብሞያዊ ሓኪም ኣይስራሕን እዩ።

- ኣብ ከባቢ ኣንስትዮ ርሕሚ ብልዕቲ ዘሎ ዝኾነ ኣካል (ቆሪጽካ ምውጻእ) ክውገድ ምግባር፤ በእዚ'ውን ቅንጠርን ክንፈር ንዝመሰለ ርሕሚ ዘጠቓለለ
- ናይ ኣንስትዮ ርሕሚ ብልዕቲ ከባቢ ክጣበቕ ምግባይ (infibulation)
- ንናይ ርሕሚ ክፍተት ንምጽባብ ወይኻዓ ንምዕጻው ዝኾነ ከይዲ ኣሰራርሓ ምግባር
- ቅንጠር ወይኻዓ ናይ ቅንጠር ኣካል ስለምቁራፅ (clitoridectomy)
- ንከባቢ ርሕሚ ብልዕቲ ጕድዓትን ክፈላለይ ምግባር

ከምኡ'ውን ኣብ ቪክቶሪያ ውሽጢ ዘይሕጋዊነት ዝኾነ:

- ንኣንስትዮ ንምክንሻብ ተባሂሉ ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ኾነ ናብ ካልእ ሃገር ሂዝኻ ምኻድ
- ንኣንስትዮ ምክንሻብ ንክግበር ካልእ ሰብ ምሕጋዝ
- ንኣንስትዮ ምክንሻብ ዝገብር ዝኾነ ሰብ ምድልላይ

**ዋላ'እኳዕ ሓንቲ ሰበይቲ ንምክንሻብ እንተተሰማምዓት ወይኻዓ ወለዳ ፍቓድ እንተሃቡውን እዚ ዘይሕጋዊነት እዩ።**

## ሓደ ሰብ ነቲ ሕጊ እንተጢሂሱ እንታይ ይግበር?

ሓደ ሰብ ነቲ ሕጊ ዝጥህሶ ንሳቶም:

- ነቲ ከይዲ ኣሰራርሓ እንተፈጺሞም
- ነቲ ከይዲ ኣሰራርሓ ንምክያድ ዝኾነ ሰብ እንተሓጊዝዎም
- ነቲ ከይዲ ኣሰራርሓ ዝገብር ዝኾነ ሰብ ኣደላልዮም እንተረኺቦም እዩ።

ኣብ ቪክቶሪያ ውሽጢ ናይዚ መቕፃዕቲ ክሳብ 15 ዓመታት ናብ ማዕሰርቲ ምእታው ይኸውን።

## ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎ ዝኾነ ናይ መጥባሕቲ ኣሰራርሓ ኣሎ'ዶ?

ብናይ ኣንስትዮ ርሕሚ ብልዕቲ ናይ መጥባሕቲ ሕክምና ሓኪም ክገብር ዝኽእሎ:

- እቲ ዝኻየዶ ከይዲ ኣሰራርሓ ንሓለዋ ጥዕና ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ
- ኣብ ጻዕረ ሕርሲ ወይኻዓ ድሕሪ ምውላድ ኣድላይ እንተኮይኑ
- ንዓይነት ጾታ ምልዋጥ ብዝግበር መጥባሕቲ (ንጾታ ምቕያር)

## ሓንቲ ሰበይቲ ድሕሪ ምውላዳ ወይኻዓ ካልእ ዓይነት ናይ ማህጸን መጥባሕቲ እንተጌራ እሞ ነቲ ብልዕቲ ምጥባቕ (re-infibulated) ትኽእል'ዶ?

ኣይኻኣልን፤ ሓንቲ ሰበይቲ እንዳሃና ነቲ ብልዕቲ ምጥባቕ (re-infibulated) ከምዘይፍቐድ እዚ'ውን ንሓለዋ ጥዕና ብዘይኾነ ምኽንያት ነቲ ርሕሚ/ብልዕቲ ክፍተት ንምጽባብ ወይኻዓ ንምእጻው ስለዝደለየት እዩ። ይኹን እምበር ድሕሪ ምውላድ ዝነኰለ ወይኻዓ ብመብጣሕቲ ንዝተቐረጸ እንተሃልዩ ምስፋይ የድሊ ይኸውን። እዚ ዝኻየዶ ድሕሪ ምውላድኽን ቐልጢፍካ ብነርሲ ወይኻዓ መሕረሲት ኣቢሉ ከምዝኻየድ እዩ።

## ናይ ኣንስትዮ ምክንሻብ ሕጻን (ባህላዊ ምቁራፅ) መን እዩ ንሰ በሥልጣናት ሪፖርቲ ዝገብር?

ኣብ ቪክቶሪያ ውሽጢ ናይ ኣንስትዮ ምክንሻብ ዘይሕጋዊ ከምዝኾነ እሞ ካብ ዕድመ 18 ዓመት ታሕቲ ንዝኾነት ሕጻን ምክንሻብ፤ ከም ሕጻን ብዘይግቡእ ምስቓይ ተጌሩ ይውሰድ እዩ። እዙይ ምባል ምስ ሕጻናት ዝሰርሑ ሰባት ሓደ ሕጻን ምክንሻብ ከምተገበረሉ ጥርጣረ እንተሃልዩ ብቐጥታ ንሓለዋ ጥዕናን ሰብዓዊ ኣገልግሎታት መምርሒ ክፍልጡ ኣለዎም። ብዞም ሰባት ውሽጢ ዝኻተት፡ ሓኪማት፤ ነርሲታት፤ ኣመማሃራን፤ ሓልየት ሕጻን ውሃቢ ሠራሕተኛታትን ፖሊስ ይኹን እምበር ዝኾነ ሰብ'ድማ ንሓለዋ ጥዕናን ሰብዓዊ ኣገልግሎታት መምርሒ ሪፖርቲ ክገብር ይኽእል። *ናይ ሕጻውንቲ፤ መንእሰያትን ናይ ስድራቤት ኣንቀጽ ሕጊ 2005* (*Children, Youth and Families Act 2005*) ክፍሊ 162) (*Children, Youth and Families Act 2005* section 162)

## ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ

ናይ FARREP ሠራተሕተኛታት ዝርኸባሉ ግዘ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፤ ካብ ንጉሆ ሰዓት ንጉሆ ሰዓት 9am ክሳብ ድሕሪ ቐትሪ ድሕሪ ቐትሪ 5pm

ተለፎን: (03) 8345 3058

ኢሜል: farrep.program@thewomens.org.au

ብኸባቢኸን ዘሎ ናይ ማሕበረሰብ ሓለዋ ጥዕና ማእከል ንዘላ ናይ FARREP ሠራተሕኛ ኣዘራርባ።

ንዝበለጸ መረዳእታ ብናትና ዌብሳይቲ/ዌብሳይቲ ምድላይ:

www.thewomens.org.au

## ሕጋዊ ዝኾኑ ምስክርቲ

**ቪክቶሪያ ሕጊ**

- ናይ ገበን ኣንቀጽ ሕጊ 1958 (Vic) s32 – 34ሀ (Crimes Act 1958 (Vic) s32 – 34A)
- ናይ ሕጻውንቲ፤ መንእሰያትን ናይ ስድራቤት ኣንቀጽ ሕጊ 2005 (Vic) s162, s163, s182, s184 (Children, Youth and Families Act 2005 (Vic) s162, s163, s182, s184)

**ካልእ ናይ ኣውስትራሊያ መምሕድዳር ግዝኣት ሕጊ**

- ናይ ገበን ኣንቀጽ ሕጊ 1900 (ACT) s73-s77 (Crimes Act 1900 (ACT) s73-s77)
- ናይ ገበን ኣንቀጽ ሕጊ 1900 (NSW) s. 45, s45ሀ (Crimes Act 1900 (NSW) s. 45, s45A)
- ናይ ገበን ኣንቀጽ ሕጊ ወንጀል ኮድ ኣንቀጽ ሕጊ NT) ክፍሊ 4ሀ (Criminal Code Act (NT) Division 4A)
- ናይ ገበን ኣንቀጽ ሕጊ 1899 (Qld) 323ሀ፣ 323ለ (Criminal Code Act 1899 (Qld) 323A, 323B)
- ንገበን ሕጊ ዘኻተተ ኣንቀጽ ሕጊ 1935 (SA) ክፍሊ 8 (Criminal Law Consolidation Act 1935 (SA) Division 8)
- ንገበን ኣንቀጽ ሕጊ 1924 (Tas) s178ሀ (Criminal Code Act 1924 (Tas) s178A)
- ንገበን ኣንቀጽ ሕጊ 1913 (WA) s306 (Criminal Code Act Compilation Act 1913 (WA) s306)

**ኣይናተይን ምባል** እዚ ሓቃዊ ጽሑፍ ወረቐቲ ንሓፈሻዊ መረዳእታ ተባሂሉ ዝተዳእወ ጥራይ። ብዛዕባ ናትኸን ድሌት ሓለዋ ጥዕና ፍልይ ዝበለ ምኽሪ ንምርካብ ካብ ናትኸን ናይ ጥዕና ሞያተኛ ምኽሪ የድልየኽን። በዚ ሓቃዊ ጽሑፍ ወረቐቲ ተበጊስካ ንዝመጽእ ዝኾነ ጥፍኣት ወይኻዓ ንዝፍጠር ጉድኣት ብሮያል ደቂንስትዮ ኣስበዳለ ተቐባልነት የብሉን። ብቕልጡፍ ሕክምና ክግበረልኸን እንተደሊኸን፤ በጃኸን ብኸባቢ ንዝሎ ናይ ህጹጽ ሕክምና ክፍሊ ኣዘራርባ። © ብሮያል ደቂንስትዮ ኣስበዳለ 2016-2018 ዓ.ም